# ካብ'ዚ ዘሎ ሽግርን ጸበባን ህዝብና
# ንምድሓን ጥራይ ይኹን ጻዕርና

By በላይ መስፉን(ቱቢንገን ጀርመን
Ste. 18.09.2005

ህዝቢ ኤርትራ ካብ መዋእል ጀሚሩ ዝስገሮ ሽግርን ሕጂ ዘሕልፎ ዘሎ መከራን ክጽብጸብ እንትድአ ኮይኑ መወዳእታ የብሉን፤ በዚ እዋን እዚ ነቲ ካብ ማዓልቲ ናብ ማኣልቲ እና ደየበ ዝኸይድ ዘሎ ዕዳጋ፡ እናገደደ ዝኸይድ ዘሎ ማእሰርትን መጭወይትን ቅትለትን ዕለታዊ ሽበራን ምፍርራሕን ኮታ ኩሉ እቲ መንግስቲ እየ ዝብል ኣብ ሃገርና ዝገብሮ ዘሎ ቆጺርካ ዘይወዳእ ዓቐሊ ጽበታዊ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝግበር ዘሎ ክትሓስቦ ከለኻ ከመይ ኢልና ዕለት ዕለት ምስ ሂወትና ንዛወር ኣለና ዘገርም እዩ።

በዚ እንካይዶ ዘለና ቃልሲ፤ ብሓቂ ተቓሊስና ነዚ ሽግር'ዚ ህዝብና ከይበረሰ ክንዓግቶ እንተድአ ኮይኑ ኩልና እቶም ንቃ ለስ ኣለና ንብል ሕድሕዳዊ ምዉጣጥ ገዲፍና ምሉእ ኣድህቦና ኣብ ምፍታሕ እቲ ሽግር ጥራይ እንተድአ ዘይጌርና ቃልስና ዉጽኢትዊ ክኸዉን ከቶ ኣይኽእልን እዩ።

እቲ ሽግር ንምፍታሕ ካብ  ዝግበሩ ቃልስታት መጀመርታ ሓድነት ሓይሊ ስለዝኾነ ኩልና ኣብ ዝኾነ ሰልፊ ወይ ዉድብ ንሃሉ ማዕሪና ነቶም በታኒ ዘኾነ ወረታት ዝነዝሑ ወጊድ ኢልና ሓድነትና ብምትራር ካልእ ወልቃዊ ጠቕሚ ከየቐደምና ብዛዕባ እዛ ትዉጻዕ ዘላ ሃገርና ክንዝቲ ክንክእል ኣለና፤ ኩልኻ ብሓባር ክትፍጽሞ ዘለካ ስርሓት ክትሓስብ ክትምድብ እሞ ንቲ መደባት ከተዔዉት ክትጽዕር ከለኻ ዝርከብ ዉጽኢት ብዙሕ እዩ።

እዚ ድማ ሕጂ ተሳማሚዕካ ንሕብረተ-ሰብ ዓለም ኣብ ዘዘለናዮ ብዝልዓለ ደረጃ ብምዉህሀድ ሰላማዊ ሰልፊ ብምክያድ ዓለም ኣብ ጎድኒ እዚ ዝዉጻዕ ዘሎ ህዝብና ከነምጽኦ ኣለና፤ እዚ ድማ ተኣኪ ብካ ብምልዛብ ምስ ትዝቲ ጥራይ እዩ ከመይ ጌርካ ከምተካይዶን ትትግብሮን ክበርሃልካ ዝኽእል።

ኣብ ካርቱም ኪዳን ተሳማሚያም ህዝቦም ከሰማምዑን ብዝክኣሎም በርቲያም ንኽሰርሑን ተበጊሶም ከም መብጽያኦም ድማ ኣዝዩ ብዝተዓጻጸፈን ቕድሚ ሕጂ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ዉህደትን  ድሮ እቲ ብዝተዓጻጸፈ ንጥፈታቶም የካይዱ ኣብ ዘለዉሉ ጊዜ ድሮ እቲ መስረታት ኪዳን ኣሰሮም ተኸቲሉ ተዋሃሂዱ ፈስቲቫል ካስል ብሓባር ኣብ ምግባር በቂዑ ኣሎ፡ እዚ ጽቡቕ ብቐጻሊ መሊስና ሕጂ ሰላማዊ ሰልፍታት ኣብ ምክያድ እንድሕሪ በቂዕና እሞ እቲ ዝግበር ሰላማዊ ሰልፊታት ብዝጽዓቖን ኣብ ኩሉን ክግበር እንተተኻ ኢሉ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ከድና ማለት እዩ። ኣብ ጉዕዞ ከኣ ገለገለ ሕልና ዘለዎም ካብዞም ብትዓዛብነት ዝርእዩዎ ዘለዉ ነዚ ቓልሲ ኣካይድኡ ተዓዚቦምን ምረት ናብራ ህዝቢ ኤርትራ ተንኪፉዎም ኣብ ቃልሲ ተወሲኾም ኣብ ቃልሲ ብምስታፍ ከማና ናይ ህዝቦም ሽግር ኣብ

ምፍታሕ ክካፈሉ ክምዝኽሉ ፍሉጥ እዩ፤ እዚ ዘሎ ስርዓት ሕልና ብዙሓት ኤርትራውያን ኣደስኪሉ ከም ዘሎ እ'ኳ ፍሉጥ እንተኾነ፡ ኤርትራዊ ከም ባህሪ ሕልንኡ ዘዛሕትል እምበር ሕልንኡ ዝቐትል የብልናን ህዝብና ካብ'ዚ ዘለዎ ስቃይ ምስ ተገላገለ ምዉት ሕልና ክብሃል ብህዝቡ ዝ'ቕበላ የለን።

ስለ'ዚ ዕቱብን ሽግር ህዝብና ከፈትሕ ዝኽእልን ቃልሲ ምስ ነካይድን፡ ሓድነትና ኣብ ምድልዳል ብ'ቕዓት ምስ ዝህልወናን ብርግጽ ኩሉ ኣብ ሰደት ዘሎ ህዝብና ኣብ ጎድንና ክም ዝመጽእ ሓቢርና ድማ ነቲ ኣብ ዓዲ ብጭን ቀት ዝነብር ዘሎ ህዝብና ሽግሩ ኣብ ምፍታሕ ዓቢ ደገፍ ከምንገብረሉን ከምንዔዉቶን ፍሉጥ እዩ፤ ሽግር ኩልና ሓደ እዩ፡ ናይ ኣገባብ ፍልልይ እንተ ዘይኮይኑ ኩሉ ኤርተራዊ ምእንቲ ኤርትራ ድኣ እምበር ንረብሓ ሓደ ዝዓዮ የልቦን። እቲ ዘየርብሕ ምጽልላም ንየማን ጸጋም እንተገደፍናዮ ይሓይሽ፡ ንሱ ዕን'ቕፋት ጥራይ እዩ።

ዝ'ኽርን ክብርን ነስዋኣትና
ፍትሕን ሰላምን ራህዋን ካኣ
ንህዝቢ ኤርትራ